# ይዋእ ኢ.ኺ፡ መንግስቲ ኣልቦ ሃገረይ!

**ረድኢ መሓሪ /ኣለና/ 29 ሓምለ 2015**

ማይ ካብ ዓይኑ ኣይዘረግ! ዛራ ማይ ኣብ ዓይኑ ኮይኑ ዝዘርጎ ርጉም ጉሒላ እንተሃልዩ፡ ብትሕቲኡ ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣይህሉን ኢዩ። እዞም ኣብ ስእሊ እንርእዮም ዘለና ናይ ኢሳይያስ ሹምባሻት፡ "ካቢኔ-ሚኒስተራት" ኢዮም። ግን ከኣ ኩላቶም ሚኒስተራት፡ ኣማሓደርቲን ጀነራላትን'ኮ ነፍሰ-ሄራት ኢዮም። ኣብ ዝኾነ እዋን፡ ክድስኩሉ፡ ክእሰሩን ክቕተሉን ዝኽእሉ ጥሪት ኢዮም። ምልስ ኢልና እስከ ጉዳይ ሰበስልጣን ኢሳይያስ ካብ 2001 ክሳብ ሎሚ ንጠምት። ግዜ እንተዝረክብ፡ ብዛዕባ እዚኦምን ከምኣቶም ዝኣመሰሉ ብሉቕባሻትን ብዙሕ መዘንተኹ ነይረ። እስከ ንሎሚ ብዛዕባ መንግስቲ ኣልቦ ሃገረይ ገለ ክብል፣



ኣብ ስርዓተ በጋሚንዱታት ህግደፍ ከኣ፡ ካብ ላዕሊ ካብቲ ኣንጊሁ ዘርኢ ክርዳድ ዝተለመ ቀራን ሰይጣን ኢሳይያስ ክሳብ ታሕቲ ዝተዘርገን ዝተበላሸወን ምሕደራታት ኢዩ ዘሎ። ምኽንያቱ እቲ ብዓዋሉን እኽብካብን ዝዠቕበበ ስርዓት ካብ ርእሱ ስለዝተበላሸወ። እቶም ምስ ተኹላ ዘሻረዉ ዓያሹ ሚኒስተራትን ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍን፡ ንገበነኛ ኢሳይያስ ክኾሓሕሉ እንከለዉ፣

"...እዚ መስኪናይ ሰብኣይ፡ መሳርሕቲ ኣይረኸበን። ሚኒስተራትን እቶም ታሕተዎትን ኢዮም ንመንግስቲ ዝጽይቑ ዘለዉ'ምበር፡ ንሱ ከም ጲላጦስ ሕጹብ ኢድ ኢዩ" ኢዮም ዝብሉ። ብላሽ ታሕሪር! ይዋእ ኢ.ኺ መንግስቲ ኣልቦ ሃገረይ!

ንኣብነት፡ ኣብ 2002 የማነ ማንከይ ኣብ ማዛጋጃ ቤት ኣስመራ ንዓበይቲ ዓዲን ሰብ ትካላትን ኣኪቡ ጎስጓስ ኣንጻር ጉጅለ 15 ይገብረሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ሓደ ካብቶም ዓያሹ ኣቦታት ብዛዕባ ኢሳይያስ ከምዚ ኢሉ ርእዩቶ ሂቡ ነበረ፣ "ክቡር መራሒና ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ በላዕ ናቱ ኢዩ። ከምዛ ሒዝካያ ዘለኻ ፒር'ውን ካብ ደሞዙ ገዚኡ ኢዩ ዝሰርሓላ'ምበር ካብ ንብረት መንግስቲ ዘልዕል ሰብኣይ ኣይኮነን" በለ።



እህህህምምም!! ግርም ዝኾነ ዓሻ ህዝቢን፡ ምስ ተስታይ ዝጽመዱ ሆነታት ጀነራላትን ስለዝረኸበ ኢዩ እምበኣር፡ ሕርሕራይ ገይሩ ንህዝቢን ሃገርን ዘጽንት ዘሎ ቀራን ሰይጣን።

ብግፋ እንተተሓቲቱ፡ "...ኣይነበርኩን!" ብኩናት እንተተሓቲቱ'ውን "...ቀም ኣቢለ ነይረስ፡ ሳባ ኢያ ኣተንሲኣትኒ! ኣይወዓልኩዎን!" ንጉዳይ ግብረ ሽበራ ብጋዜጠኛታት እንተተሓቲቱ፡ "ውጹእ ሓሶት፡ ጭብጢ ኣሎ ድዩ ... What is the evidence?" ዝብል ምስምሳት ንክህብ ድማ፡ ዕሽነት'ዞም ሰባት ክሳብ ዝኣኽሎ ኣገማጢሉዎ ኢዩ።

እዚ ካብ ምምሕዳር ሽፋቱ ዘይሓይሽ፡ መንግስቲ ምዃኑ በታ ንግሆ ሰዓት 6 ትስቀልን፣ ምሸት ሰዓት 6 ትወርድን ባንዴራ ጥራይ ዝልለ፡ ኩሉ ካልእ ተግባራቱ ግን ካብቶም ቀደም ኣብ ሩባታት ተኸዚን ዋልቃይትን ዝነበሩ ከተርቲን ቀተልቲን ኣይፍለን ኢዩ። "ዓሻ ጽቡቕ ኣሎ፡ ዘመድ ዓሻ ከፊኡዎ ኣሎ" ከም ዝበሃል ከኣ፡ እቶም ንኢሳይያስ ኣፈወርቂ ወዲ ሓማሴን! እዉ፡ ወዲ ኣውራጃና ኢዩ፡ ክርስትያናይ! ወዲ ሃይማኖትና ኢዩ፡ በዓል ጸሎት፡ በዓል ዑናን ቃድራን ኢዩ! ንደቁ'ውን ናብ ሳዋ ዘፋኑ ውፉይ

መራሒና … ወ.ዘ.ተ… እናበሉ ኣብ ልዕሊ ሬሳታት ኮይኖም ዝለሃዩ ዘለዉ ዓያሹ፡ የደንግጹ ኢዮም። ኢሳይያስ ህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ንሓዋሩ ንከጥፍእ ዝተራቐቐ ካሪክለም ሓንጺጹ ዝሰርሕ ዘሎ ልኡኽ ባዕዲ ኢዩ። እዋሓስ፡ ኣግብእ! ምትእኽኻብ ግንቦት ሸውዓተን፡ ኩምራ ሰራዊት ደምህትን ምስክራት ኢዮም። ይዋእ፡ መንግስቲ ኣልቦ ሃገረይ!

'ቶም ዓያሹ፡ ንስርዓት በጋሚንዶ ምድጋፍ፡ ከም ህልኽ ንደቂ ኣከለ ጉዛይ ተወሲዱስ ያኢ! ኢሳይያስ ንዝበሎን ንዝገበሮን፡ ወላ ትብፈር ጤል'ያ ዝዓይነቱ ደረቐኛ ሓሶት ከኾምስዑ ኣይስከፎምን ኢዩ። ነቶም ኣዝማድ ዓያሹ ግን ከፊኡና ኣሎ። "ወላ'ኳ ጌጋታት ይሃሉ፡ ንመራሒና ኣሕሊፍና ኣይንህቦን ኢና" ዝብል ፍልስፍና ከኣ እነሆ ንሃገርና ኤርትራ ናብ ሸለው ዝበለ ጸድፊ ኣገምጊሙዋ ይርከብ ኣሎ። 'ድሕሪ ሰለፉ፡ እንታይ ተረፉ' ከም ዝበሃል፡ ደጊም እንታይ ተሪፉ ኣሎ ሎሚ?

ኣውራዳዊ ምፍጣጥን ሃይማኖታዊ ምትፍናንን፡ ባዕሉ ኢሳይያስ ካብ ናይ ቀደም ምምሕዳር ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ ዝተማህሮን ብዘመናዊ ለቢቶ ገይሩ ዝለወሶን ዝሰንከቶን ተንኮል ኢዩ። ንሱ ኣብ ላዕሊ ኮይኑ ይዕዘብ፡ ዓያሹ ከኣ ከምታ ብዓረማ እትሕለብ ሓምራ ላም፡ ብጥንታዊ ቅያን ዝናን ዘመነ ገድሊ ክቆጻጸዩ ይውዕሉን ይሓድሩን ኣለዉ።

ይዋእ፡ መንግስቲ ኣልቦ ሃገረይ! ካብ ኤርትራ ቅድሚ ምውጽአይ ኣብ ዓመተ 2005-2006 ኣብቲ ዝሰርሓሉ ዝነበርኩ ኣውራጃ ጋሽ-ሰቲት፡ ትዝታ ካሕሳይን ውጩን ብዓይነይ ንዝረኣኹዎ ጉዳያት ንክጽሕፍ ሎሚ ብገለ ምኽንያት ትዝታ ኣብ ርእሰይ ዓሲሉኒ። ካብ ተሰነይ ንላዕሊ ብሑቕ ንክሓልፍ'ውን ተኸልኪሉሉ ኣብ ዝነበረ ዘመነ ግፉን ምህጋር ንብረትን፡ ኣብ ልዕሊ ኣንስቲ ስዉኣት ንክትኣምኖ ዘጸግም ተግባራት ይትግበር ነበረ። እቲ መንግስቲ ዘይብሉ ህዝቢ፡ ገለ ንብረት ካብ ተሰነይ ሸማሚቱ ናብ ገዝኡ ክምለስ እንከሎ፣ ኣብ ብሎኮታት ተሰነይ፡ ሃይኮታ፡ ባረንቱ፡ ኣቑርደት፡ ከረን፡ ኣስመራ ብዘይ ንሕስያ ይግፈፍ ነበረ። እቶም ዝገፉ፡ ፋይናንስ ፖሊስን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ኢዮም። ንኣብነት፡ ሓንቲ ኣሃዱ ኣብ ከባቢ ጎኘ ንሓለዋ እንተዓስኪራ፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ገመድ /ብሎኮ/ ዘርጊሓ ንብረት መሳኪን ትህግርን ትራሲን ነበረት። እቲ ዝተዘምተ ንብረት ከኣ ሓለፍቲ ምክልኻል ብጋህዲ ይማቐሉዎ ነበሩ። እቲ ተግባራት ብመደብ ቤት ጽሕፈት ኢሳይያስ ቀጠልያ መብራህቲ ዝተዋቦ ኢዩ ዝነበረ።

ሓደ ረፋድ ኣብ ብሎኮ ተሰነይ ንብረተን ዝተዘምተ ኣንስቲ ስዉኣት፡ ባረንቱ ምስ ኣተዋ ተኣኪበን ናብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ ኣምርሓ። ካንቾሎ ክኣትዋ ዝረኣየን ኣማሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝነበረ ካሕሳይ ገብረ ሂወት ተቐቢሉ ኣዘራረበን። ንሕቶታተን ክምልስ ድሌትን ብቕዓትን ስለዘይነበሮ፡ ካብቲ ዘጋጠሞ ብድሆን ጫውጫውታን ንክገላገል ኢሉ፡ "…እቲ ዝትግበር ዘሎ ግፋን ምህጋር ንብረትን፡ ንሕና ምምሕዳር ዞባ ኣይንፈልጦን ኢና። ብሓይልታት ምክልኻል ይትግበር ስለዘሎ፡ … እታ ጎቦ እቲኣ'ዶ ትርእየኣ ኣለኽን? ፎርቶ ኢያ ትበሃል። ኣዛዚ ናይዚ ግንባር ሜ/ጀነራል ውጩ ኣብኡ ኣሎ። ከምዛ ተሰሪዕክንኣ ዘለኽን፡ ትኽ ኢልክን ናብኡ ኬድክን ጥርዓንክን ንገራ" ኢሉ ኣፋነወን። ይዋእ፡ መንግስቲ ኣልቦ ሃገረይ!

ኣንስቲ ከም ዝተባህለን መምርሒ ተሰሪዐን ናብ ሜ/ጀነራል ውጩ ደየባ። ዋርድያ ኣብቲ ቀጽሪ ፎርቶ ደው ኣበለን። ውጩ ኩነታተን ተነጊሩዎስ ካብ ቤት ጽሕፈቱ ወጺኡ ኣዘራረበን። ከምዚ ኢሉ ከኣ በቲ ሓጺር ወተሃደራዊ ኣዘራርብኡ መግለጺ ገበረለን፣ "… ኣነ ኣዛዚ ግንባር እየ። ኣንስቲ ክህግር ኣይኮነን'ዶ ብጋህዲስ ሓሊመዮ'ኳ ኣይፈልጥን። ነዚ ጉዳይክን ዝምልከት መልሲ ኣብ ላዕሊ ኢዩ ዘሎ። ስለዚ ከምዛ ተሰሪዕክንኣ ዘለኽን ትኽ ኢልክን፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ኬድክን ጉዳይክን ዘርዝራ። ወይለየከይ! ኣነ ሓላው ዶብ እየ'ምበር ሃጋራይ ቀንጠ-መንጢ ኣይኮንኩን" ውጩ፡ ነተን ኣንስቲ ካሕሳይ ገብረሂወት ናብኡ ከም ዝለኣኸን ምስ ፈለጠ ከኣ፣ ኣብ ልዕሊኡ ብዙሕ ጸርፊን ዘለፋን ኣዝነበ።

ይዋእ፡ መንግስቲ ኣልቦ ሃገረይ! ንጉዳይ ምህጋር ንብረትን ምዝራፍ እኽሊን ብዝምልከት ገበነኛ ኢሳይያስ ኣብ ተለቪዥን ተሓቲቱ ክምልስ እንከሎ፣ "…ኣብዚ ሃገር እዚ ካብ ከተማ ናብ ከተማ እኽሊ ምሻጥ'ውን ክልኩል ኢዩ። … ንፈልጥ ኢና'ኳ ብመልክዕ ብሑቕ'ውን ኮንትሮባንድ ከም ዘሎ" በለ። እቲ ካብ ዓይኑ ዝተዘርገ ምምሕዳር ህግደፍ፡ ብኣዛዚ ዞባ፡ ብኣዛዚ ግንባር፡ ብሚኒስተር፡ ወይ ብገለ ክፋል ሃገር ክዕረ ኣይከኣልን ኢዩ። እንታይ ደኣ፡ ነቲ ዓይኒ ማይ ዝዘርግ ዘሎ ኪነሚን፣ ኣነጻጺርካ ብቀጭ-ሕርሙ ምምንጣሉ ጥራይ ኢዩ ዘድሊ።

*ቅድሚ ኣልማማ ምህጋር ንብረት ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ንሓጺር እዋን ከም እ'ኸሊ: ዘይቲን፡ ንህዝቢ ዝጠቅም ንብረትን ካብ ተሰነይ ናብ ኩላተን ከተማታት ኤርትራ ንክሓልፍ ብፍሉይ ትእዛዝ ብ/ጀነራል ተ'ኸለ ክፍላይ ተፈቒዱ ነበረ። እቲ ኣዛዚ ምክትታል ዶባት ዝነበረ ተ'ኸለ ማንጁስ፡ ንዝህገር ዝነበረ ንብረትን ብመን ይእዘዝ ከም ዝነበረን በታ ሓንቲ ዓይኑ ጥራይ ጠመቶ። ካልኣይቲ ዓይኒ ነይራቶ እንተትኸውን ግን፡ ብመን ከም ዝእዘዝ ዝነበረ ምፈለጠ ነይሩ። ተ'ኸለ ማንጁስ ንስልጣኑ ተጠቒሙ፡ ናብ ሓላፊ ፋይናንስ ፖሊስ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝነበረ ሌ/ኮ ዶምባይ ፍሉይ ደብዳበ፡ ቅዳሕ ከኣ ናብ ኣዛዚ ፋይናንስ ፖሊስ ኣስመራ ብ/ር ጀነራል ብርሃነ ጸሃየ ብምጽሓፍ ንብረት ንክሓልፍ ኣፍቀደ። ኩሉ ሽዑ ኣብታ መንግስቲ ኣልቦ ሃገረይ ዝነበረ ከም ዚዝክሮ፡ ብዙሕ ንብረት ተጓሪተን ዋጋታት ጎደለን።*

*እቲ ፍስሃን ጸጋን ህዝቢ ዘይፈቱ፡ ሓሳድን ቀናእን ኢሳይያስ ግን ምውራድ ዋጋታት ኣይተዋሕጠሉን። ብድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ ድማ ሓንቲ ብሚኒስተር ንግዲን ኢንዱስትሪን ዝነበረ ዶ/ር ገርግሽ ተ'ኸለሚካኤል ዝተጻሕፈት ደብዳበ ናብ ሓላፊ ፋይናንስ ፖሊስን ተ'ኸለ ማንጁስን ተላእካ። "እታ ክሳድ ሰብ ትደሊ ኣላ'ሞ፡ የለ'ኹላን በላ" ከም ዝበሃል፡ ተ'ኸለ ማንጁስ ከኣ፡ ምንጪ ናይታ ደብዳበ ስለዝተገንዘበ፡ ብዘይካ ም'ቕባላ ካልእ ምርጫ ኣይነበሮን።*

*ምስ መጋድልተይ ዝነበረ ሌ/ኮ ዶምባይ ግሩም ዕርክነት ስለዝነበረና፡ ናብ ቤት ጽሕፈቱ ምስ ከድኩ ዝን ኢሉ ጸንሓኒ። "እሂ ደኣ ደሓን ዲ'ኻ?" በልኩዎ። "...እዋእ!" በለ። ዘረባ ንከስዕበለይ ዝግ በልኩሞ፡ ክልተ ደብዳበታት ኣውጺኡ ንከንብበን ሃበኒ። እታ ሓንቲ "እ'ኸሊን ኣገዳሲ ንብረትን ይሕለፍ" ትብል ትእዛዝ ተ'ኸለ ማንጁስ፡ እታ ካልኣይቲ ድማ፣ "ካብ ሎሚ ንደሓር፡ ዝ'ኾነ ንብረት ካብ ብሎኮ ተሰነይ ከይሓልፍ" ትብል ስምን ፌርማን ዶ/ር ገርግሽ ዝነበራ ደብዳቤ ነበራ።*

*ዶ/ር ገርግሽ ኣብ ኣዳራሽ ቤት ም'ኽሪ ነጋዶ ኣስመራ* /Chamber of Commerce/ *ንኩላቶም ናይ ምምጻእን ምልኣ'ኽን ፍቓድ ንዝነበሮም ነጋዶ ኣኪቡ፡ "...ብፍላይ ከኣ ኣንቱም እንዳ ዓንሰባ ትበሃሉ ነጋዶ፡ ንሸርፌ ዶላር ብዝምልከት ኣብዚ ሃገር ኣእቲ'ኹሞ ዘለ'ኹም ቅልውላው ካባና ዝተ'ኸወለ ከይመስለኩም! ኣብዚ ከተማ ብሸበጥ ከም ት'ኸዱ ክትኮኑ ኢ'ኹም" በለ። ይዋእ! መንግስቲ ኣልቦ ሃገረይ። 'ኣነን ሓጺሩኒ እብል፡ ንሱን ተደቢሩ ይስዕስዕ' ከም ዝበሃል፡ ብድሕሪ'ቲ ምጉብዕባዕ ዶ/ር ገርግሽን ቴናን ትእዛዝን፣ ዋጋታት መመሊሱ ንሰማይ ደየበ። ኩላቶም ኣገደስቲ ዝነበሩ ኤርትራውያን ነጋዶ ከኣ፡ በብዝመስሎም ካብ ሃገር ወጺኡ፡ ናብ ሃገራት ኣፍሪቃን ዱባይን ተበታተኑ። እቲ ንሃገር ከንቀሳቕስ ዝ'ኽእል ዝነበረ ርእሰ ማል ደቂ ሃገር ከኣ፡ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ (ደቡብ ሱዳን፡ ኡጋንዳ፡ ሞዛምቢክ፡ ዛምቢያ፡ ኣንጎላ ወ.ዘ.ተ...) ይሰርሕ ኣሎ።*

*ኣብ ሹ'ቕ ዚዝረብ ኣ'ኻ'ኺቦም ናብ ኢሳይያስ ዘበጻጽሑ ብሉ'ቕባሻት ኣለዉ። ሓደ መዓልቲ ሓደ መዘና ሚኒስተር ንግዲን ኢንዱስትሪን ዝነበረ ሰብ፡ ንዶ/ር ገርግሽ፡ "ኣንታ ገርግሽ፡ እዚ ናይ ሰባት መርገምሲ ኣማስይኡ ክቐትለካ ኢዩ" በሎ። ገርግሽ ዓዋን ተቐብል ኣቢሉ፡ "ወሪዱኒ ገርግሽ! ኣነ'ኮ ካብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ዝተዋህበኒ ትእዛዝ እየ ዝፍጽም ዘለ'ኹ'ምበር ባዕለይ ዝእዝዞ ጉዳይ የብለይን" በሎ። ኢሳይያስ ድማ ነታ ዶ/ር ገርግሽ ዝተዛረባ፡ ሰምዓ። "እምበኣር ከምኡ ኢሉ? ደሓን ከምዛ ቶቲል ደስኪሉዋ ዘሎ ከደስክሎ እየ" በለ። ይዋእ፡ መንግስቲ ኣልቦ ሃገረይ!*

*ኣንቱም ዓያሹ! ኣብ ክንዲ ነቲ ሕሱም መራሒ'ኹም 'ውረድ ዘይበ'ቕል'ኻ፡ ልቐ'ቕ ዘይርስት'ኻ' ትብልዎስ፡ ካን መንገዲ ክሕደት መሪጽኩም? እቲ ብመዓር ዝተሸፈነ መርዚ፡ ከምዞም ዝጠፍኡ ዘለዉ፣ በብሓደ ከጥፍኣኩም ም'ኻኑ ነጊርናን ንነግር ኣሎናን።*

*ፋኖታት ደቀባትኩም ኣጥፊእኩምሲ፡ ሰማይ ዝሃገርኩም ብዓዋሉ፡ ብየማነ ማንከይን ብክሻን ንክትምርሑ ርዒምኩም ማለት ድዩ? ሆእ! ኣላ ተካል መርገም'ዩ! እንቋዕ በዓል ወዲ ሃይለ፡ እኒ ኢብራሂም ዓፋ፡ በዓል በርሀ ጻዕዳ፡ ሳልሕ ጠጠው ወ.ዘ.ተ. ... ኩላቶም ስዉኣት ጀጋኑ ኣይትንስኡ! እንታይ'ኮን ምበሉ ከምዚ ሎሚ ኤርትራዊ፡ ቀደም ዝተጠምጠሞ ፋረ ደርብዩ ቆርበት ወ'ኻርያ ተ'ኸዲኑ ኣብ ዙርያ ኢሳይያስ ከ'ኹድድ ክጸንሖም እንከሎ? ይዋእ፡ መንግስቲ ኣልቦ ሃገረይ!*

**ሞት ክናና ንኢሳይያስ!**